ኤጀንሲ ልምዓት ኣናእሽተይን ማእኸለዎትን ማኑፋክቸሪንግ ኢንዱስትሪ ክልል ትግራይ ፅሕፈት መሳርሒ፣ ዝተፈላለየ ዓይነት ጎማን ባትርን ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ ነዞም ስዒቦም ዝተዘርዘሩ ረቋሒታት እተማልኡ ነጋዶ ክትወዳደሩ ይዕድም።

ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም መስከረም 12, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰሉስ መስከረም 22, 2011 03:30 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:30
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰሉስ መስከረም 22, 2011 04:00 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሽከርከርቲ/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

1 በቲ ዘርፊ ናይዚ ዘመን ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ

2 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ (ቲን) ሰርቲፊኬት ከቅርብ ዝኽእል

3 ንተወሳኺ እሴት ታክስ ቫት ዝተመዝገበ ኮይኑ ቫት ምዝገባ ሰርቲፊኬትን ናይ ወርሒ ሓምለ 2010 ዓ/ም ቫት ዲክላሬሽን ከቕርብ ዝኸእል

4 መቕረባይነት ዝተመዝገበ ምኻኑ ሕጋዊ ምስክር ወረቀት ከቕርብ ዝኽእል

5 ተጫረቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መምርሒ ጨረታን ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ ብር 30.00 (ሰላሳ) እናኸፈሉ ካብ ኤጀንሲና ዳይሬክተራት ዕደጋ፣ፋይናንስን ንብረት ምም/ርን 5ይ ደብሪ ካብ ዕለት 07/01/2011 ዓ/ም -21/01/2011 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዜ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቕራብን ምውሳድ ይከኣል።

6 ዝቐረብ ናይ ጨረታ መወዳደሪ ሰነድ ኦርጂናልን ሓደ ኮፒን ነንበይኑ ብሽምዒ ብዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ ኮይኑ ኣብ ልዕሊኡን ናይ መቅረባይን ሙሉእ ሽም ፣ናይቲ ትካል ኣድራሻ ፣ስልኪ ቁፅሪ ናይ ምንታይ ዓይነት ምኻኑን ናይዚ ቤት ዕዮ ሽም ክሕብር ኣለዎ።

7 ተጫረቲ ዘትሐዝዎ መኽበሪ ጨረታ ንፅሕፈት መሳርሒ ብር 4000.00 (ኣርበዕተ ሽሕ) ንዝተፈላለየ ዓይነት መኪና ጎማን ባትርን ብር 5000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ) ብሽም ኤጀንሲ ልምዓት ኣናእሽተይን ማእኸላዎትን ማኑፋክቸሪንግ ኢንዱስትሪ ክልል ትግራይ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብሲፒኦ ናብ ዝተዳለወ ቤት ዕዮና ጨረታ ሳንዱቕ ወይ ደማ ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ከቅርብ ዝክእል

8 ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዘኾነ ተወዳዳራይ ዝሰዓሮ ንብረት ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ብናይ ባዕሉ መጓዕዝያ ናብ ቤት ዕዮና ስቶር ክፍሊ በቲ ክፍሊ ዝተሓተተ ፅሬትን መጠንን ክቐርብ ዝኽእል

9 እቲ ጨረታ ዕለት 22/01/2011 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 3:30 ቅድሚ ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ንሱ ሰዓት 4:00 ቕድሚ ሰዓት ኣብ ክ/ከተማ ሓወልቲ ፊት ንፊት ፕላኔት ሆቴል ዝርከብ ሰናይ ዘበን ህንፃ 5ይ ደብሪ ኤጀንሲ ልምዓት ኣነእሽተይን ማእኸለዎትን ማኑፋክቸሪንግ ኢንዱስትሪ ክልል ትግራይ (ዳይሬክተራት ዕደጋ ፋይናንስ ንብረት ምምሕዳር) ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለውሉ ዝኽፈት ኮይኑ ተጫረቲ ብዘይምርካቦም ጨረታ ምኽፋት ኣይተኣጓገልን።

10 ተጫረቲ ዝመልእዎ ዋጋ ቫት ዝሓወሰ ክኸውን ኣለዎ ተዘይኾይኑ ቫት ከምዝሓወሰ ርዱእ ተገይሩ ይውሰድ።
11 ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ግዜ ጨረታ ካብ ዝኽፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ን45 መዓልቲ ይኸውን።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ኤጀንሲና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

13 እቲ ጨረታ ምስተኸፈተ ኤጀንሲና ናይቲ ዝግዛእ ንብረት ዓቐን ወይ ዋጋ ከምኣድላይነቱ ካብ ነብሲ ወከፍ ነፀላ ኣቅሓ ክሳብ 20% ክቕንስ ወይ ክውስኽ ይኽእል እዩ።

14 ሰዓራይ እቲ ዘቕረቦ ንብረት ብበዓል ሞያ ወይ ዝምልከቶ ኣካል ተፈቲሹ ትኽክለኛነቱ ምስተረጋገፀ ኣታዊ ይኸውን።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ስ.ቁፅሪ 0342-400009 ምድዋል ይከኣል።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle